Wasserzeichen jetzt entfernen

# ጽምብል መበል 27 በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ከለን ብምዉቕ ሃገራዊ መንፈስ ከቢሩ

ኣብ ከተማ ከለን ብዕለት 26.05.18 ራእይ ብዕዮ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣቶ ተኸሉ ለባሲ ሓላፊ ህዝባዊ ዝክባትን ዲፕሎምስያዊን ሜድያን ኢምባስ ሃገር ኤርትራ ፡ ብርክት ዝበሉ ጀርመንያን ኣዕሩኽ ኤርትራውያን ብብዝሒ ሕጻናትን መንእሰያትን ናይ ተፈላለየ ዕድመ ዓበይትን ልዕሊ 400 ኣጋይሽ ተሳተፍዎ ፡ ብመንእሰያት ራሄል ተስፋጽዮንን ስኒት በርሀን ተማእከለ ናይ መድረኽ መደብ፡ ናይ ሕጻናትን፡ መንእሰያትን ዓበይትን ንጥፈታታትን ፡ ወጻእተኛታት ፈተውቲ ኤርትራን ዘዋስኣ ናይ ብዓል ፕሮግራም ፡ ንተሳተፍቲ ዝመሰጠ ብወናማት ብመንእሰያት ስነጥበባውያን ዝቐረበ ንዕለተ ናጽነት ዘጕልሕ ሃገራዊ ዘማታትን ናይ ተፈላለዩ ብሄራትና ባህላዊን ዘመናዊን ትልሂትሂትን ተሰነየ ዉዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ዝዓሰሎ ጽምብል ብዓል ናጽነት ኤርትራ ተኻይዱ።

መራሕቲ መደብ መንእሰያት ስኒት በርሀን ራሄል ተስፋጽዮንን ብሽም ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ከለን መደብ ብዝኽረ ሰማእታትን ብተመሃሮ ቋንቋዋ ኣደ ማሕበረኮም ከለንን ከባቢኣን ተመርሐ ሃገራዊ መዝሙርን ወግዓዊ መደብ ጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ከለን ብድሕሪ ምክፋት ፡ ብትግርኛን ብቕንቋ ጀርመንን ብሽም ሃገራዊ ሽማግለ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩምን ጽቡቕ ምንዮትን ፤ ነዚ ብዓል ክዉንን ምዕሩግን ንኽኸውን ዝገበሩ ኩሎም ግዱሳት ብፍላይ መንሰያት ኣመስገና።

ኣቦ መንገር ሃ/ሽማግለ ብጻይ መንግስ ኣርኣያን ጸሓፊት ብጻይቲ ደሃብ እያሱን ኣቦ መንበር ማሕበረኮም ከለን ብጻይ ሓድሽ ጐይትኦም ኣብ መድርኽ ብስም ሃገርውያን ውዳቤታት ከለን ንተሳተፍቲ በዓል ዕዙዝ ናይ ዮሃና መልእኽቲን ብድሕሪ ምቅራቦም ፡ ብምጻል ብጻይ ሓድሽ ጐይትኦም ሓጺር መግለጺ ብዓል ናጽነትን፡ ኣብ ዘቕረቦ ኣብ ሃገራዊ ሽማግለን ቅርጹን ኣቶኩሩ ውን ንተሳተፍቲ ጽምብል መረዳእታ ብድሕሪ ምቕራብ ኣብ ጀርመን ተወልዱን ቀረባ እዋን ዝመጹና መንእሰያትን ሕጻናትን ብተገዳስነት ምሕብሓብ ናይ ኩሉ ዓበይ ወለዶ ሓላፍነት ኮይኑ ኣብ ግብሪ ንኽውዕል ተላበወ ። ንመርኣያ ሓድነትን ውህደትን ውዳቤታት ኤርትራውያን ኣብ ከተማ ከለን ድማ እተን ወትሩ ኣብነታውያን ዝኾና ኣባላት ሃገራዊ ማሕበር ደቀ ኣንስትዮ ከተማ ከለን ናይ ናጽነት ሕብስቲ ናጽነትን (celebration cake) ከም ዘወፈያ ገለጸ ።

ኢምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ወኪሉ ኣብቲ ጽምብል እተረኸበ ኣቶ ተኸሉ ለባሲ ንተሳተፍቲ ጽምብል ኣብ ዕለተ ናጽነት ኣመል ኪቱ ኣብ ዘቕረቦ ረዚን መልእኽቲ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ራእይን መሰልን ሓርነት፡ ምጽወታ ዘይኰነ፡ ብከቢድ መስዋእትነት ዝረኸበናዮ ነጻነት ነቲ ርዝነታን ክብራን ብስራሕ ምድርው ይጽንሓለይ ዘይበሃል ስለ ዝኾነ ፡ ብቑጠባ ርህውቲ ቅሳነትን ርግኣርን ዝሰፈና ኣብ ህዱእን ሰላማውን ኀደቦ ትነብር ሃገር ምህናጽን ምድልዳልን ኩሉ ዚጋ ከምቲ ዝሓለፈ ዓመታት ታሪክ ዝምስክሮ ሕጂውን ብቕድሚት ተሰሪዑ ቀዳምነት ብምሃብ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ንጥፈታትን ወፍሪን ብውህደት ከሰላስሎ ዝግባእ ጉዳይ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብ ሕብረተ ሰብ ጀርመን ኩሉ ሃገራዊን ማሕበራዊን ጉዕዞታት ንሕያልን ምርግጋጽን ኩሉ ዜጋ ብዘሳትፍ መሰረታዊ መደባትን ጥርናፈን ኣሰራርሓ ውዳቤትና ዘደንፍዕ ብሃገራዊ ሽማግለ ተወዲቡን ተማእኪሉን ህዝብን ሃገርን ዝግልገለሉ ክንሰርሓሉ ድማ ሃገራዊ ተልእኮ ምዃኑ ኣስመረሉ።

ንምሕያል ዲፕሎማስያዊ ርክባትብ ንጥፈታትን ኣብቲ ጽምብል ተዓደሙ ግዱሳትን ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዝነጥፉ ወጻእተኛታ ኣብ መድረኽ ወጺኦም ምስ ህዝብን መንግስትን ሃገረ ኤርትራ ዘለዎም ኣወንታዊ ተሞክሮን ፡ ዝምድናን ብምግላጽ ኣብ ከተማ ከለን ኣብ መስርሕ ዝርከብ ዲፕሎስያዊ ርክባት ንምድንፋዕ ዝምድናን ንሕያል ድማ ድልዋት ምኳኖም ብምግላጽ ፡ ናይ ዮሃና መእኽቶም ኣተሓላለፉ። እዞም ናይ ክብሪ ዕዱማ ጀርመናውያን ኣብቲ ኣብቲ ሓጎስና እንገልጸሉ ናይ ናጽነት ሕብስቲ ናጽነትን (celebration cake) ሙቅራጽን ምትኳስ ሻምፓኝን ብምስታፎም ንኹሉ ተስታፊ ጽምብል ዓቢ ባህታ ሂቡ።

ተሳተፍቲ ጽምብል ናጽነት ኣብ ከተማ ከለን ብምዉቕ ሃገራዊ ወኒን ስምዒትን ሓያል ሃገራዊ መንፈስ ብምዝንጋዕን መደባት ብምስልሳልን፤ ንኽብሪ በዓል ናጻነት ኣብ ከተማ ከለን ንኽማዕርጉ ዝመጹ ወናማት ስነጥባባውያን መንእሰይ ምስጉን ወዲ ኸረንን ብጾቱን ብዘቕረብዎ ዉዕዉዕን መሳጢን ባህላዊ ሃገራዊን ዘመናዊ ሙዚቃን ሳዕስዒትን ብምዝንጋዕን ነቲ ብዓል ዓቢ ግርማን ድምቀትን ሂብዎ። ኣብ መደምደምታ ተኻፈልቲ ብዓል ከም ወትሩ ብውህደትን ስኒትን ፍቕርን ብምድፍናቕን ብምፍልላይ ፡ ወግዓዊ መደብ ብዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚሙ ።

“ራእይ ብዕዮ“
ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብረን ንሰማእታና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!

ሃገራዊ ሽማግለ ከለንን ከባቢኣን

pdfelement